ኣስመራ፡ ነሓሰ 3፡2001

# ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ኤርትራ፡
# ኣገደስቲ እዋናውያን ጉዳያት፡

## መእተዊ

ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ክረክብን፡ ኩሉ ዓቕሙ ናብ መነባብሮኡ ምምሕያሽ ክዋድዶን ይደሊ ስለ ዘሎ፣

እዚ ኣቲናዮ ዘሎና ናይ መጨረሽታ መድረኽ ምስግጋር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ፡ ተነቃፍን ወሳንን እዋን ብምኻኑ፣

ካብ ተመክሮ ዓሰርተ ዓመታት ክንመሃርን፡ ኣብ ተመክሮ ተመርኲስና ቅኑዕ ናይ መጻኢ ትልሚን ኣንፈትን ክንሕንጽጽ ስለ ዘሎና፡ ኣጓኒፉና ንዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቅልውላው፡ ብውድዓውነትን ብትብዓትን ብውሕልነትን ገጢምና ክንስዕሮን፡ ስለ ዘሎና፣

ካብ ወሪዱና ዘሎ ቅልውላው ንምውጻእን፡ ንሱ ካብ ዘኸተሎ ጸገማት ንምንጋፍን፡ኣብ ውሽጢን ኣብ ወጻኢን ናይ ዘሎ ኤርትራዊ ዓቕምን ጸጋታትን ብዝለዓለ ደረጃ ክኸትትን፡ ናይ ወጻኢ ሓይሊታትን ውልቀሰባትን ምትሕግጋዝን ደገፍን ብዝበለጸ ኣድማዒ መገዲ ክንስሕብን፡ ኣብ መዓላ ክነውዕልን፡ ስለ ዘሎናን፡ ንዕኡ ዝምችእ ኩነታትን ባይታታትን ክነጣጥሕ ስለ ዝግብኣናን፣

ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናይ ሓደ ዘመን ሰንሰለታዊ መግዛእትን፡ ናይ ሰላሳ ዓመታት ሓርነታዊ ቃልሲን፡ ዝተመጠጠ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ናጽነታዊ ናይ መሰጋገሪ እዋንን፡ ንመጀመርያ ኩም ልኡላዊ ህዝቢ መጠን፡ ብመሰረት ሃገራዊ ቅዋሙን፡ ናይ ሰልፊታት ፖለቲካዊ ውድድር ዘፍቅድ ሃገራዊ ምርጫን፡ ቅዋማዊ ስርዓት ክምስርትን ስልጣን ክርከብን ክቀራረብ ስለ ዘለዎ፣

ብገለ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን፡ ካልኦት ሓርበኛታት ዜጋታትን፡ ንዝተላዕለ ናይ ምእራምን ለውጢን ሕቶታትን ርእይቶታትን፡ ካልእ ሕብሪን ትርጉምን ኣውሂብካ፡ ኣብ ክንዲ ቅሉዕ ናይ ክትዕን ዘተን መድረኽ ምኽፋት፡ ህዝቢ ንምድንጋር፡ ናብ ምክፋእን ዘይሕጋዊን ዘይቅዋማዊን ስጉምቲታት ምውሳድ ምኻድን፡ ይእመትን ምውጥዋጥ ይርአ ስለ ዘሎ፣

ኣብ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ኰነ ኣብ ህዝቢ፡ ብዛዕባ ኣገደስቲ ኣርእስቲታት ሃገራዊ ጉዳያት ናይ ርእይቶ ፍልልይ እንተ ሃለወ፡ ብልዝብ፡ ብዲሞክራሲያዊን ብሰላማዊ መገድን ጥራይ ክፍታሕ ዝኽእልን ዘለዎን ካብ ዝብል እምነትና ተበጊስና፡ ንዘተን ሰላማዊ ፍታሕን ጥራይ ንደፍእ ብምኳና፣

ትም ክንብል መሪጽና ኣሎና እናተባህለ ብተፈላለየ መገዲታት፡ እንተላይ ብናይ ካድረታት ቀጻሊ ዙርያ ኣኼባታት፡ ክሰርጽ ዝድለ ዝምቡዕ ገምጋማትን ርእይቶታትን ይንሳኀስን፡ ኪውሰድ ንዝድለ ዘይሕጋዊ ስጉምቲታት ባይታ ምንጻፍ፡ ህዝቢ ንምድንጋርን ዲሞክራሲያዊ ምስግጋር ናብ ሓቀኛ ቅዋማዊ ስርዓት ንምዕንቃፍን ከኣ፡ ዘየድሊን ኣሻቓሊን ናይ ኵናት ሃዋሁ መመሳመሲ ኩነታት ይፍጠርን ስለ ዘሎ፣

ኣብ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቅልውላው (ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ፡ ድሕንነታዊ፡ ምምሕዳራዊ፡ ቅዋማዊ)፡ ብናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዕቱብ ተሳታፍነትን ብግቡእ ሓላፍነታዊ መገዲን ብኣጋን እንተ ዘይተገጢሙ፡ ኣይፍታሕን ጥራይ ዘይኰነ፡ ናብ ሕደገኛ ኵነታት ከም ዘምርሕን፡ ብኡኡ ኣቢሉ'ውን ንምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ኪዕንቅፍን ከም ዝኽእል ስለ ዝርኣየና፣

}ሕና እቶም ሕጋዊን ቅዋማዊን መድረኽ እተነፈግና ገለ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ፡ ናይ መመያየጢ ነጥቢታት ርእይቶና ዝሓዘት ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ክንዝርግሕ ሓላፍነት ይስምዓና። ህዝቢ ክፈልጥን ኣብ ውሳነ ኣገደስቲ ሃገራዊ ጉዳያት ተራ ክህልዎን ስለ ንኣምን፡ ነቲ ኣብ ዝተወሰኑ ጥራይ ዝሳተፍዎ መድርኽ ዚዝረብ ዘሎ ኣርእስቲታት፡ ናብ ቅሉዕን ዘይሻራዊን መድረኽ ምይይጥ ንኽዝረበሉ ኢና ነውጽኦ ዘሎና። ንሕና መን ኢና ብዘየገድስ፡ ከም ሃገራዊን እዋናዊን ኣገዳሲን ጉዳያት፡ ህዝቢ በብዝጥዕሞ መንገዲን ኣገባብን ክመያየጠሉን እናጸዋዕና፡ ንሓባራዊ መረዳእታ መገዲ ክጽረግ ይኽእል ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎና።

ኣብ ገምጋም ምግባር ኰነ ህሉው ሽግራት ምልላይ፡ ህዝቢ፡ ብኩሉ ክፍሊታቱን ብዝሰፍሐ ተሳታፍነትን ዘሰላስሎ'ምበር፡ ንሕና በይንና ክንዓሞ ዘይንኽእልን ዘይንደልን ምዃንና ከም እንኣምን፡ ከምቲ ኩሉ ሽግራት ንምልላይ ዘጸግመና፡ ይትረፍ ናይ ኩሉ፡ ናይ ውሱን ሽግራት ውዱእ ፍታሕ ከነቕርብ ንኽእል ኢና ኢልና'ውን ከም ዘይንኣምን ክነፍልጥ ንፈቱ። ኣብዚ ንህዝብና ከቢድ ሽግር ኣጋጢሙዎ ዘሎን፡ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ እዋንን፡ ግዜን፡ ብጉልባብ ስግኣታትን፡ ግዝኡ ኣይኣኸለን ብዝብል ምኽኒትን፡ ህዝቢ ከይመያየጥን ቅሉዕ ሃገራዊ ክትዓት ከየካይድን ክፉት መድረኽ ኣይተኸፍተሉን ኣሎ።

እዛ ወረቐት እዚኣ ጽንቁቕ ገምጋማትን ውዱእ መልሲታትን'ኳ እንተ ዘየቕረበት፣ ብውሑዱ፣ ነቲ ዕቑር ሃብታምን ተበላሓቲን ርእይቶታት ሓፋሽ ህዝቢ መመያየጢ ነጥቢታት ከም ተገልግል ጌርና ንወስዳ።

ህዝቢ ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ታሪኹ፣ ናይ ሉኣላዊት ሃገሩ ቅዋማዊ ስርዓት ንምትካል ይሸባሸብ ስለ ዘሎ፣ ዝተፈላለየ ርእይቶታቱ ብናጻ ክካታዓሉን፣ ንዝበዝሑ ኣእሚኑ ብብዝሒ ድምጺ ኣንፈት መጻኢ ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ከም ዝቕለስ ኪገብርን ዕድል ክረክብ ኣለዎ ኢልና ንኣምን። ዕላማ ጽሑፍና ከኣ ንሱን ንዕኡ ምቹእ ኩነታት ክፍጠር ምሕላንን ኢዩ።

<u>ቀዳማይ ክፋል፣</u>

*ህዝቢ ኤርትራ ካብ ናጽነት እንታይ ተጸብዩ?*

1. ኩሉ መዳያዊ መነባብሮኡ ክመሓየሽ።
   ውርሻ መግዛእትን ድሕረትን ካብ ዝኾነ፣ ካብ ክቱር ጥሜት፣ ሕማምን ድንቁርናን ተገላጊሉ ክርህዎን ናብ ብልጽግና ገጹ ክቷምትን ተጸብዩ።

2. ቅሳነት ዝሰፈኖ ሂወት ክሕልፍ።
   ሓድነቱ ብዝያዳ ኣደልዲሉ፣ ሃገራዊ ድሕነቱ ተረጋጊጹ፣ ምስ ከባብን ዓለምን ሰላምን ምርግጋእን ኣውሒሱ፣ ምትሕግጋዝ ከደንፍዕ።

3. ዲሞክራሲን ፍትሒን ክንግስ።
   ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ዝረጋገጸሉ፣ ጥዑይ ምሕደራ ዝህልወሉ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝረጋገጸሉ፣ ግዝኣተ ሕጊን ፍትሕን ዝጥጥዓሉ ስርዓት ክህነጽ።

<u>ካልኣይ ክፋል፣</u>

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይርከብ?

ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ክዝረብ ከሎ፣ ውጽኢት ተመክሮ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ናጽነትን ኣማቲ መጻኢ ብድሆታትን ዕማማትን ስለ ዝኾነ፣ ብዓ ይኒ ሕሉፍ ትጽቢታትን ህሉው ክውንነትን ብሓደ ወገን፣ ካብ ዝሓለፈ ተመክሮ ብዝርከብ ትምህርቲ፣ መጻኢ ብድሆታትን ዕማማትን ብኸመይ ብጽፈትን ኣድማዕነትን ክግጠሙ ከም ዝከኣል ምንባይን መገዲ ምቕላስን

ብኻልእ ወገን፡ ብግቡእ ምግምጋም ዝሓትት ኢዩ። ዓቕምናን ክንገብሮ ንኽእልን ዘይንክእልን ኣብ ግምት ክኣቱ ስለ ዘለዎ ከኣ፡ ሓቀኛ ሚዛን ምውሳድ የድሊ። ሓቀኛ ሚዛንን ገምጋምን ከኣ እኹል ሓበሬታ ኣብ ምርካብ ስለ ዝምርኮስ፡ ህዝቢ እኹል ሓበሬታ ክሰንቕ ኣለዎ።

ህዝቢ ዝርዝር ገምጋም ዝሓለፈ 10 ዓመታት ክገብር ሓበሬታ ክረክብን ክፉትን ናጻን መድረኽ ምይይጥ ክኽፈተሉን ስለ ዘለዎ፡ ንሕና ኣብ ክንዲ ህዝቢ ኲና ገምጋም ክንገብር ኣይንደልን። ንምግምጋም ምቹእ ኩነታት ክፍጠር ጥራይ ክንጽዕር ንደሊ። ኣብ ገሊኡ ኣገደስትን መትከላዊን ጉዳያት ግን ብዘተን ክትዕን ክህብትም ዝኽእል ምኽኑ እናተቐበልና፡ ርኢቶና ክንገልጽ መድረኻዊ ሓላፍነት ይድርኸና። ቅድሚ ሕጂ ብስቕታና ዝተፈጥረ ጉድለታት መታን ከይድገም ድማ፡ ብውሑዱ፡ ህዝቢ ነቒሑሉ መታን ብግቡእ ክዋስኣሉ ሓሳባትና ክንገልጽ ንፈቱ።

ኣብዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ግዜ ናጽነት ብዙሕ ዝተፈጸመ ጽቡቕ ነገራት፡ ብፍላይ ኣብ ምውዳድ ትሕተ ቅርጺ፡ እኳ እንተ ሃለወ፡ እቲ ናብኡ ዝወዓለ ጸጋታትን (ሰብኣዊ ይኹን ፊናንሲያዊ) ዝውሰዶ ግዜን፡ ዝተኸተለ ኣገባብን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝበለጸን ኣዋጻኢ ብዝኾነ መገዲንዶ ተጌሩ ተባሂሉ ክግምገምን፡ ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ኔሩዶ ኣይነበረን ተባሂሉ ብነቓፌታዊ ዓይኒ ክምዘንን ከድሊ ኢዩ። ግሉጽን ምትሕትታት ብዘለዎንዶኸ ተጌሩ? ብዕቱብ ክርኣን ካብኡ ትምህርቲ ክውሰድ ዝግብኦን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን ናጽነት ትጽቢት ንዝንበረሉ ምምሕያሽ መነባብሮን ቅሳነትንከ ክሳብ ክንደይ ኣወፍዩን ኣበርኪቱን ተባሂሉ ክሕተተሉ ኣገዳሲዩ።

እቲ ዝተፈጸመ ስርሓት ብማዕከናት ዜና ብቐጻሊን ብዓውታን ስለ ዝግለጽ፡ ኣብቲ ድኻማትን ዛጊት ዘይተፈትሐ ዘሎ ጸገማትን ኣተኩርካ ምርኣይ ብዝያዳ ኣገዳሲ ይኸውን። ስለዚ፡ እቲ ዝርዝራዊ ገምጋም ንህዝቢ ገዲፍና፡ ምስትብሃል ኣብ ዘድልዮን ንምፍትሑ ክጽዓተሉ ኣብ ዘገድስ መዳያት ጥራይ ርእይቶና ክንህብ ክንፍትን ኢና።

ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ ንምሕዋይን ንምምሕያሽን ተፈቲኑ'ኳ እንተ ኰነ፡ ብሰንኪ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ፡ ሓደሓደ ጸገማትን፡ ሎሚ ድሕሪ ዓ ሰርተ ዓመታት ናይ ናጽነት፡ መነባብሮ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ሕማቕ ኵነታት ወዲቑ፡ ውሕስነት መግቢ ተሳኢኑ፡ ብዙሕ ካብ ህዝብና ናብ ተመጽዋቲ ረድኤት ተቐይሩን ብሕማማት ይሳቐን ኣሎ።

ማሕበራዊ ሽግራት ንምቕላል ሓያሎይ ጻዕሪታት ተጌሩ'ኳ እንተ ኾነ፡

- ግዳይ መግዛእቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ናይ ዝኾኑ ስድራ ስዉኣት፣ ስንኩላን፣ ዝተጣየሱ ተጋደልቲ፣ ካብ ስደት ተመለስቲ፣ ብመጠኑ'ውን ኣብ ታሕታይ ደረጃ ዝርከቡ ዘይተጣየሱ ተጋደልትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ጸገማት ኣይተፈትሐን ጥራይ ዘይኮነ ማሕበራዊ ውሕስነት ዘረጋግጽ መጻኢ ስለ ዘይርአ ቅሳነት ከሊኡ ዘሎ'ዩ።
- ልዕሊ 200 ሺሕ መንእሰይ ብዘይ ደሞዝ ንነዊሕ እዋን ኣብ ምክልኻል ሃገር ተጸሚዱ ብምህላዉ፣ ኣብ ቁጠባ ሃገርን መነባብሮ ስድራታቱን ወሪዱ ዘሎ ማህሰይትን ዘቅሳነትን ቀሊል ከም ዘይኮነን፣ ቅልጡፍ ፍታሕ እንተ ዘይተረኺቡዎ፣ ሽግር ክፈጥር ምኳኑ ምግማት ኣየጸግምን።
- ደቀንስትዮ ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ብዙሕ ጸገም የጓንፈን ኣሎ።
- መንእሰያት ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ወድኡ ናብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ምእታውን ዝተረፉ ስራሕ ናይ ምርካብን ዕ ድሎም ጸቢብ ኰይኑ ኣጎላጉል ይኾኑ ኣለዉ።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ከም ኣብ ሓርነታዊ መድረኽ፣ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ናጽነት፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ፣ ሕድነቱን ተወፋይነቱን ኣመስኪሩ ኣሎ። ሓድነቱን ተወፋይነቱን ብዝያዳ እናደልደለን እናዓበየን ክኸይድ ግን ኩሉ ሸነኻዊ ብዙሕነቱ (ሃይማኖት፣ ቋንቋ፣ ባህልን ልምድን፣ ብሄር፣ ስነ ኣእምሮኣዊ ስምዒታቱ፣) ክኽበር፣ ተሳታፍነቱን ምሽራኹን ኣብ ሃገራዊ ውሳኔታትን ስልጣናትን ትካላትን ክዓዝዝን ስምዒታቱን ድሌታቱን ክሕሎ ኣገዳሲ ኢዩ። እንተ ኰነ ግን፣ ኣብዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፣ ገለ ገለ ናይ መንግስቲ ኢድ ምትእትታው ኣብ ምሕደራ ኣብያተ ሃይማኖት፣ ናይ ቋንቋ ጸገምን ኣብ ቢሮክራሲያዊ ስርሓት መንግስቲ ንሱ ዝፈጠሮ ስምዓ ታትን፣ ናይ ኣደ ቋንቋ ኣስገዳድ ኣብ ገሊኡ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝፈጠሮ ቅሬታታት፣ ኣብ ተሻራኽነት/ተሳታፍነት ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ሕብረተሰብ ኣብ ሃገራዊ ትካላት ...ወዘተ ሕማቕ ስምዒታት ክፈጥሩ ስለ ዝጸንሑ፣ ብግቡእን ብኣጋን እንተ ዘይተኣልዮም፣ ንሓድነት ህዝቢ ዝፍሑቕ ኩነታት ቀስ ብቐስ ከስዕቡ ከም ዝኽእሉ ክግመት ይከኣል።

ሃገራዊ ድሕነት ምርግጋጽን ምውሓስን ንሓድነት ዝጻላለዉን ዝደጋገፉን ብዙሓት ረቛሒታት ይምርኰስ። ብቐንዱ፣ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታትን ዓ ቕምን ይምርኰስ። ማለት ምክልኻልን ጸጥታን ኣብ ህዝብን ተሳትፎኡን ክምርኰስ ስለ ዘለዎ፡-

- ውሽጣዊ ሓድነትን ስኒትን ዕግበትን ተወፋይነትን ህዝቢ፣

- ጥዑይን ዲሞክራሲያዊን ምሕደራን ፍትሓዊ ስርዓትን፣
- ልዑል ሞያዊ ብቕዓት ዘለዎ ውሑይን ዘመናዊን ሓይሊታት ምክልኻልን ጸጥታን፣
- ስግኣታት ኣብ ምንባይን (forecast) ኣቐዲምካ ኣብ ምብርዓንን ኣገዳሲ ተራ ዝጻወት ናይ ስለያን ትንተናን ትካላት፣
- ሓበሬታ ተጠቒሙ ብዝተወሃሃደ መገዲ ንሃገራዊ ድሕነት ዘገድስ ውሳኔታት ዝወስድ ባይቶ ሃገራዊ ድሕነት ምህላው ይሓትት።

ውሽጣዊ ኩነታትን ዓቕምን ወሳኒ ይኹን'ምበር፣ ሃገራዊ ድሕነት ንምውሓስ፣ ዓቕምኻን ሓደገኛነት ናይ ግዳም ስግኣታትን ኣብ ግምት ብምእታውን ንሃገራዊ ረብሓታት ኣብ ሓደጋ ብዘየእቱ ጥበብን፣ ናይ ከባብን ዓለምን ኩነታት ብደቂቕ ምክትታልን ኣገደስቲ ምትዕርራያት ምግባርን የድሊ። ምስ ናይ ግዳም ሓይሊታትን ሃገራትን ኣብ ሓድሕዳዊ ረብሓታትን ምግጣም ሓባራዊ ስግኣታትን ዝዓለመ ናይ ወጻኢ ሜላን ኣተሓሕዛን ምድፋእ፣ ናይ ሰላምን ምትሕግጋዝን፣ ግጭት ገታእን ብሰላማዊ መገዲ ምፍታሕን ዲፕሎማሲ ምኽታል፣ ንሓባራዊ ድሕነት (collective security) ኣባል ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ምዃንን ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን ምኽታምን፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ኢድካ ዘይምምላስን ይሓትት።

ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ተመክሮ፣ ምስ ኩሎም ጎረባብትና ግጭትን ምስ ኢትዮጵያ ኲናትን ተፈጢሩ። ብዙሕ ኣዕንዩናን ኣድምዩናን። ሓፋሽ ህዝብናን ሓይሊታት ምክልኻልናን ብትብዓትን ጅግንነትን ዓቢ መስዋእቲ ከፊሎምን መኪቶምን ሃገር ኣድሒኖም'ኳ እንተኾኑ፣ ስግኣታት ኣብ ምንባይን ኣቐዲምካ ተዳሊኻ ኣብ ምግጣሞምን (ንምውጋዶም ኰነ ኣብ ልዕሌና ምስ ተገደዱ ኣብ ምፍሻሎም)፣ ልዑል ሞያዊ ብቕዓትን ዓቕሚን ዘለዎ ዘመናዊ ሓይሊታት ምክልኻልን ጸጥታን ኣብ ምምስራትን ብቑዕን ኣድማዒን ኣመራርሓ ኣብ ምሃቡን፣ ዝተወሃሃደ ናይ ሃገራዊ ድሕነት መደባት ኣብ ምምጻእን ምዕዋቱን፣ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ዘመሓይሽን ሃገራዊ ድሕነትና ንምውሓስን ናይ ወጻኢ ምትሕግጋዝ ኣብ ምርካብን፣ ርኡይ ድኻም ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ቅኑዕ ኣተሓሕዛ እንተ ዘይረኺቦም፣ ምስ ጎረባብትና ዘለዉ ጸገማት ናብ ጎንጺ ከምርሑ ከምዝኽእሉ'ውን ኪግመት ይከኣል።

ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ዓሰርተ ዓመታት፣ ናይ መሰጋገሪ መንግስትን መንግስታዊ መዋቕርን ንምምስራትን፣ ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ንምስግጋር ዘድሊ ባይታ ንምውዳድን ተፈቲኑ'ኳ እንተ ኰነ፣ ዘዕግብ ኣይኰነን።

ካብ ባህርይ ሓርነታዊ መድረኽ ወጺኡን ምስ ሲቪላዊን መንግስታውን ኣኪያይዳ ተሰማሚዑን ማዕቢሉን ክትክል ዝነበሮ መንግስታዊ መዋቕርን ኣሰራርሓን፡ ከምቲ ዝድለ ኣይተኣታተወን። መንግስታዊ ትካላት ናይ ክኢላዊ ዓቕሚ ሕጽረትን ናይ ትካላዊ ኣሰራርሓ ድኽመትን ኣለዎም። ናይ መንግስትን ግንባርን መጠማምትን (parallel) መተሃላልኽትን መዋቕራት ተዘርጊሖም ኣብ ምድብላቕ ስርሓትን ኣብ ምትፍናንን ከም ዝኣትው ስለ ተገብረ፡ ትካላትን ትካላዊ ኣሰራርሓታትን ከም ዘይሕይሉ ኰይኑ።

ሓጋጊ፡ ፈጻሚን ፈራዲን ኣካላት ንሓድሕዶም ዝቆጻጸሩን ዝመዛዘኑን ኣይከኑን። ኣብ ኣገደስትን ተኣፈፍትን ሃገራዊ ጉዳያት፡ ይትረፍ ህዝቢ ሓገግትን ፈጸምትን ኣካላት'ኳ ከምቲ ዝድለ ኣብ ውሳነ ተሳትፎ ነይሩዎም ክብሃል ኣይከኣልን። ኣኪያይዳ መንግስቲ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዝጐደሎ ነይሩ።

ምስ ሕጽረት ክኢላዊ ዓቕሚ መንግስቲ፡ ህዝቢ በብዓዱን ከባቢኡን ያታዊ ስርዓተ ሕጉን ፍትሑን ተጠቒሙ ዋኒኑ ከመሓድር፡ ሽግራቱን ምስሕሓባቱን ክፈትሕ ኣብ ክንዲ ዝግደፍ፡ መንግስቲ ክሳብ ዝተሓተ ጽፍሒ ምምሕዳር ኢዱ ከእቱን ሹማምንቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክጽዕንን ብምፍታኑ፡ ስርዓተ ምምሕዳርን ፍትሒን ዘይስሉጥን መረረ ዝበዝሖን ኰይኑ፡ ተበግሶን ተሳትፎን ህዝቢ ከኣ ዕድል ከም ዘይረክብ ኰይኑ'ሎ።

ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ዜጋታት ዝድርት፡ ንምህናጽ'ን ምድልዳልን ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝዕንቅፍ ብዙሓት ተርእዮታትን ፍጻሜታትን ተኸሲቶም ኢዮም። ዛጊት፡ ሲቪላዊ ማሕበራት ክምስረታ፡ ሕጊ ፕረስን ካልኦት ናይ መሰጋገሪ ሕግታትን ብመሰረት ዝጸደቐ ቅዋም ክመሓየሹ፡ ብሕታዊ ጋዜጣታትን ነቐፌታዊ ክትዓትን ክሳብዚ ቀረባ እዋን ክነጥፉ፡ ኣይተፈቕደን። ዜጋታት፡ መሰል ምንቅስቓስ ካብን ናብን ኤርትራን ወጻኢን ተነፊጎም ኣለዉ። ገለ ዜጋታት ንነዊሕ እዋን ተኣሲሮም ንፍርዲ ዘይቀረቡ፡ ገለ ከኣ ኣብ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ እናተዘርበሉ ሃለዋቶም ዘይተፈልጠ ኣለዉ።

ብሃገራዊ ምርጫ ተመሪጹ ዝምስረት ቅዋማዊ መንግስቲ፡ ሓላፍነታውን መላስን (responsive) ክይኑ መታን ክውለድ፡ ጉድለታት መሰጋገሪ መንግስቲ ንምውጋድ ዘኽእል ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዘረጋግጽ ጭቡጥን ውድዓዊን ገምጋም ዝሓለፈ 10 ዓመታት ገና ኣይተገብረን። ህዝቢ እኹል ኣማራጺታት ንሃገራዊ ምርጫ ናይ ምርካብ መሰሉ ንክሕሎ፡ ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፊታት ጸዲቑ፡ ሰልፊታት፡ ህግደፍ'ውን ከም ሰልፊ ወይ ሰልፊታት ተዋቒራ፡ ኪነጥፉን፡ ቅድሚ ሃገራዊ ምርጫ እኹል ግዜ ክረኽባ ከምዝኽእላን ኣይተገብረን ኣሎ። ዓብላልነት ህግደፍ ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሂወት ኣኽቲሙ፡ ንምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ዘመቻችኡ

ኩነታት ኣይተፈጥሩን ኣለዉ። ሕጊ ምርጫ ኣይጸደቐን፣ ዘይሻራዊት ኮሚሽን ምርጫ ከኣ ኣይቆመትን ኣላ።

ብሓልሺ ኣዘራርባ፣
ንሃገራዊ ምርጫ ናጻን ርትዓዊን ንምግባሩን ዘድሊ ምቅርራባት ዛጊት ኣይተገብረን ኣሎ። በዚ ኣተሓሕዛዚ ከኣ ሓቀኛን ዲሞክራሲያዊን ምስግጋር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ይርከብ። በዚ ዝኸዶ ዘሎ ኣንፈት እንተ ቀጺሉ፣ ኤርትራ፣ ስልጣን ናብ ህዝቢ ዘረክብ ዲሞክራሲያዊ ቅዋማዊ ስርዓት ዘይኮነስ፣ ናይ ውሑናት ስልጣን ምብሓትን ምልኪን ዘርግእ ስርዓት ጥራይ ኢያ ክትጽበ ትኽእል።

\ልሳይ ክፋል፣

እንታይ ኪግበር ይኽእል?

ርእይቶታትና ኣብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲን ኣከራኽርቲ ክኾኑ ዝኽእሉን ጉዳያት ክሕጸርን፣ ብሓፈሻዊ መገዲ ክቐርብን፣ ዝፍትን ኢዩ።

1. ጉዳይ ሰላምን ውግእን ሃገራዊ ድሕነትን፣

ናይ 30 ዓመታት ሓርነታዊ ኲናትን ማህሰይቱን ከይኣኽላ፣ ኤርትራ፣ ኣብ እግሪ ተኽላን ድሮ ቅዋማዊ ስርዓት ትተኽለሉ መድረኽን፣ መበገሲኡ ብዘየገድስ፣ ምስ ጎረባብታ ሃገራት ኣብ ምስሕሓብን ምትፍናንን ክትኣቱን ኣብ ኲናት ክትጽመድን፣ ኣየድልያን ጥራይ ዘይኮነ ኣየዋጽኣንውን። ብሓልኡት፣ ምትኹታኹን ናይ ዕንደራ ኣንፈትውን እንተሎ፣ ንዝኾነ ክፉእ ተኽእሎ ከይተሃመልካ፣ ንምርድዳእን ሰላማውን ሕጋውን ፍታሕ ምድፋእን እምነት ዘሕድር ምቹእ ሃዋህው ምፍጣርን ከድሊ ኢዩ።

1.1 ምስ ኢትዮጵያ፣

ናይ ዶብ ሽግር ብሕጋዊን ሰላማዊን መገዲ ጥራይ ኢዩ ክፍታሕ ዝከኣል። ምስ ኢትዮጵያ ተበጺሑ ዘሎ ሰላም ውዕል፣ ኲናት ከወግድን ሽግር ዶብ ብሕጋዊ መገዲ ክፈትሕን ዝኽእል ኢዩ። ናብኡ ንምብጻሕ ብግዜያውነት ተተግቢሩ ክጸንሕ ስምምዕ ዝተገብረሉ መሰጋገሪ ስርርዕ (transitional arrangement) ጸገማት ከጋጥሞን ምሉእ ብምሉእ ንክልቲኦም ወገናት ከየዕግብን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ ናይ ዶብ ኮሚሽን ቀይሙ ስርሑ እንተ ጀሚሩን፣ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ተዋፊሩ ብምህላዉን፣ ነቲ ስትራተጂያዊ ዕላማ ምዕራፍ ሕቶ ዶብ ብሕጋዊ መገዲ ኣብ ሓደጋ ስለ ዘየውድቖን፣ ናይ መሰጋገሪ ስርርዕ ጸገማት ብግዜ ፍታሕ ክርከበሉን ስለ ዝከኣልን ስለ ዝምረጽን፣ ናብ ኲናት ዘምርሓሉ ምኽንያት የለን።

እቲ ካልእ ወገን ስምምዕ ክጥሕስን ውዕል ክፍርስን እንድሕር ደልዩ፣ ንክመጽእ ዝኽእል ኣሉታዊ ምዕባለ ንምግታእን ንምብርዓንን ቀዳምነት ክንህቦ ስለ ዘሎና፣ ማሕበረ ሰብ ዓለም ከም ዝነቕሓሉን ኣወንታዊ ተራ ከም ዝጻወትን ምግባር ከድልየና'ዩ።

ህልኽን ቅርሕንትን ዝደፍኦን ንሕና ወይ ንሶም ዝብል ኣረኣእያ መበገሲኡን ኩናት ፍታሕ ኣየምጽእን ጥራይ ዘይኮነ፣ ንክልቲኡ ህዝቢታት ኣየርብሕን ኢዩ'ውን። ብዓቢኡ ከኣ ክልቲኡ ህዝቢታት ብጥምየት ታሳቕዩን ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ረድኤት ተጸባዪ ኮይኑን ኣብ ዘለወሉ እዋን፣ ማሕበረሰብ ዓለም ንምውላዕ ኩናት ብቐሊሉ ዝሕዞ ኣይኽነውንን ኢዩ። ሳዕቤኑ ከኣ ሃሳዪ ኽነውን ኢዩ።

ዝኾነ ይኹን ወጥርን ናይ ኩናት ሃዋሁን ንምውጋድ፡-

- ክልቲኡ መንግስታት፣ ወተሃደራዊ ሓይሊታቱ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክቕንስን (ከጣይስ) ናይ ምክልኻል ወጻኢታቱ ክጉድልን፣
- ክልቲኡ ህዝቢታት ብደረጃታቱ ወጥሪ ንምፍኳስ ዝሕግዝ ናይ ምትእምማን ሃዋሁ ዝፈጥር ስጉምቲታት ክወስደሉ ዝኽእል ዕድል ክወሃቦ፣
- ኣብ መስርሕ ትግባረ ግዜያዊ ስርርዕ ንዝርእ ጸገማት ፍታሓት መታን ክርከበሉ፣ ናይ ሕቡራት ሃገራት ልኡኽን ክልቲኣተን መንግስታትን፣ ቀጻልን ዝርዝርን ሓበሬታታት ንህዝቢ ከቕርባን፣ ኣብቲ ጉዳይ፣ ብፍላይ ብቐጥታ ንዝምልከቶምን ዝጸልዎምን ናይ ከባቢ ዶባት ህዝቢ፣ ንክዋስኡ ዕድል ክህባን የድሊ።

## 1.2 <u>ምስ ሱዳን</u>፣

ሽግር ሱዳን ብሱዳናውያን ጥራይ፣ ሽግር ኤርትራ ከኣ ብኤርትራውያን ጥራይ ክፍታሕ ስለዘለዎን ስለዝከኣልን፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ክምስረት ብዛዕባ ዘለዎ ዓይነት ፖለቲካዊ ስርዓት ነቲ ካልእ ዝምልከቶ ስለዘይኮነን ብሓባር ብሰላም ምንባር ስለዝከኣልን፣ ቅድሚ ሕጂ ዝተፈተነ ሸርሒታትን ጎነጻዊ መገድን ፍታሕ ስለ ዘየምጽኣን ከምጽእ ስለ ዘይክእልን፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ዲሞክራሲያዊ ለውጢታት ክመጽእ ንናይ ክልቲኡ ህዝቢታት ረብሓ ይኹን'ምበር፣ ሓደ ወገን ነቲ ካልእ ወገን ብጎነጽ ከገድዶ ስለ ዘይክእልን ስለ ዘይግባእን፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሓድሕድ ጣልቃ ምእታው ክህሉ የብሉን። ሓደ ሃገር ነቲ ካልእ፣ መበገሲ ሸርሓዊን ጎነጻዊን ስርሒታት ክኸውን የብሉን። ኣብ ከባቢ ዶብ ዝኾነ ይኹን ሽግር ይርአ፣ ብልዝብን ብሰላማዊ መገድን ክፍታሕ'ምበር ናብ ውግእ ክምርሕ ኣይግባእን፣ ኣየዋጽእን ከኣ ኢዩ። በንጻሩ፣ ምትእምማን ዝፈጥርን

ምትሕግጋዝ ዘማዕብልን ፖሊሲን ስጉምቲታትን ምኽታልን ምውሳድን የድሊ።

- ክልቲኡ መንግስታት ሓይሊታት ምክልኻሉ ካብ ዶብ ከርሕቕ፣
- ክልቲኡ መንግስታት ናይ ህዝብን ንግድን ናጻ ምንቅስቓሳት ኣብ ዶባት ክፍቅድ፣
- ክልቲኡ መንግስታት፣ ኩሉ-መዳያዊ ምትሕግጋዝ ከዕዝዝን ከደንፍዕ ን ክሰርሕ፣
- ኤርትራ ብድሌት ኩሎም ሓይሊታት ሱዳን ኣጠቓላሊ ፍታሕ ሽግር ሱዳን ንክመጽእ ሃናጺን ኣወንታዊን ተራ ክትጻወት፣

1.3 <u>ምስ የመን፣</u>

ዘሰሓሕብ ዝነበረ ጉዳይ ደሴታትን ማያዊ ክሊ ዶብን ብሕጋዊ መገዲ ተዛዚሙን ክልቲኡ ወገን ተቐቢሉ ከተግብሮ ተሰማሚዑን ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ባሕሪ ናይ ገፊፍቲ ዓሳ ሓደ ሓደ ጸገማት ከጋጥም ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ ብቐሊሉ ብልዝብ ክፍታሕ ስለ ዝኽእል፣ ኣብ ክንዲ ንድሕሪት ንቕድሚት ብምቕጻል ናይ ቅድም በሰላ ዝሓውየሉን፣ ምትሕግጋዝ ዝድንፍዓሉን ኩነታት ንምፍጣር ክጽዓር ኣለዎ።

1.4 <u>ሓፈሻዊ፣</u>

ኣብ እግሪ ተኸላ፣ ልኡላዊት ኤርትራ፣ ብሰንኪ ግጭታትን ኲናትን ብዙሕ ተሃስያን ዕድል ጠፊኡዋን ኢዩ። ሃገራዊ ድሕነታ መታን ከተረጋግጽን ከተውሕስን፣ ብጆካ ውሑይ፣ ብቑዕን ክኢላዊን (proffesional) ዘመናዊ ሓይሊ ምክልኻል ምምስራትን፣ ዕቑር ድሉው ሓይሊ ህዝቢ ምቕራብን፣ ግጭት ዘወግድን ሰላማዊ ፍታሕ ዘምጽእን ዲፕሎማሲ ምኽታልን፣ ስግኣታት ኣብ ምጉዳልን ምእላይን ተራ ኣብ ዝህልዎ ስምምዓት ምጽንባርን ብመገዲ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ንሰላም ምድፋእን'ውን ይሓትት። ናይ ምትሕግጋዝ ገታኢ ተራ ንግጭት ከኣ ብዝለዓለ ክምዝመዝ የድሊ።

ሰራዊት ምክልኻል ውሑይን ክኢላን ሃገራዊን ክኸውን ስለ ዘለዎ፣ ንቕዋም ዝምእዘዝ፣ ኣብ ፖለቲካ ገለልተኛ ዝኾነ፣ ኣቃውማ ሕብረተ ሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ኣብ ወለንታ ክምርኮስ ስለ ዘለዎ ከኣ፣ ብደሞዝን ብዕ ብየት ኣብ ስራሕን ዘተባብዕ ኣተሓሕዛ ክህልዎ የድሊ። ወፈራዊ ስርሓቱ፣ ግሉጽነት፣ ተሓታትነትን ኣድማዕነትን ክህልዎ የድሊ።

ኣገዳስነትን ኣድላይነትን መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ርዱእ ኮይኑ፣ ኣብ ኣተሓሕዝኡን ወፈራዊ ስርሓቱን ጽፉፍ ውጥንን ኣድማዒ ኣጠቓቕማ ኣቕሚ ሰብን ዝኽተል ምግባሩ ከድሊ ኢዩ።

ኣስታት 200 ሺሕ ዝኾኑ ኣብ ወተሃደራዊ ግንባራት ዝርከቡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ተጣይሶም ነይሮም ዝኸተቱ ተጋደልቲን፡ ኣብ ውሽጢ ዓመትን መንፈቕን ኽኽጣየሱ ኣብ መጀመርያ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ወጺኡ ዝነበረ መደብ ክሳብ ሕጂ ከይተተግበረ ምጽንሑ ምኽኑይን ቅቡልን ኣይኮነን። ንዝኾነ ከጋጥም ዝኽእል ሃገር ናይ ምክልኻል ጸውዓ ት፡ ህጹጽ ምኽታት ክግበረሉ ዝኽእል ኣገባብ ክዋደድ ስለ ዝከኣል፡ ከቲቱ ዘሎ ዓቕሚ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሽግር ስድራታትን ቁጠባ ሃገርን ንምሕዋይ ቀልጢፉ ክጣየስ የድሊ።

ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ተዋፊረን ዘለዋ ደቀንስትዮ፡ ብዙሕ ጸገማት የጓንፈንን ህዝቢ የዕዘምዝመሉን ስለ ዘሎ፡ ንግዚኡ ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ምውፋረን ደው ኢሉ ክጸንሕን፡ ንሓዋሩ ብከመይ ክተሓዝ ከም ዘለዎ፡ ህዝቢ ተመያይጡ ርእይቶ ክህበሉን።

ዝምድናና ምስ ጎረባብቲ ኣዝዩ ኣገዳስን ተነቃፍን፡ ናይ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተመክሮና ስምብራት ከኣ ተመዝማዝን ስለዝኾነ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብትካላዊ መገዲ ዝከታተልን፡ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ክሳብ ዝበጽሕ ንሃገራዊ ባይቶ ተሓታትን ዝኾነ ኣካል ክሕዞ የድሊ።

ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓለፈ ፍርቒ ዘመን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሓድሕድ ጣልቃ ናይ ምእታውን፡ ተቓወምቲ ሓይሊታት ደጊፍካ ብጎነጽ ስርዓት ንምቕያር ናይ ምፍታንን ዝውሰድ ዝነበረ ፖሊሲታትን ተግባራትን ነዚ ከባቢ'ዚ ሰላምን ምርግጋእን ከሊኡ ኣብ ቀጻሊ ሁከትን ኲናትን ጠቢሱዎ ይርከብ። እዚ ከባቢዚ፡ ሰላም፡ ምርግጋእን ብልጽግናን ክጎናጸፍ እንተ ኰይኑ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ጣልቃ ምእታው፡ ተቓወምቲ ሓይሊታት ደጊፍካ ብጎነጽ መንግስቲ ክትቅይር ምፍታን፡ ኣብቂዑ፡ ንጽቡቕ ጉርብትናን ብሰላም ብሓባር ንምንባርን፡ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ንምዕዛዝን ምስራሕ ከድሊ'ዩ።

ምስ ጎረባብትና ሃገራት ናብ ዕርቅን ብሓባር ብሰላም ኣብ ምንባርን ክንጽዕርን፡ ዝምድናታት ናብ ንቡር ተመሊሱ ንረብሓ ህዝቢታት ናብ ምትሕግጋዝ ዝድፍኣሉ ኩነታት ምምዕዳውን ከድሊዩ። ነዚ ከኣ መተኣማመኒ ጭቡጥ ስጉምቲታት ምውሳድ ከድሊዩ።

2. <u>*ቁጠባዊን ማሕበራዊን ጉዳያት፡*</u>

ቁጠባና ንምሕዋይ፡ ማሕበራዊ ሽግራትና ንምቕላል፡ ግዳያት ኲናት ናይ ዝኾኑ ስድራ ስዉኣት፡ ስንኩላን፡ ዝተመዛበሉ፡ ዝተጣየሱ ዝተወጽዑ ክፍሊታት ሕብረተሰብናን ንምጥያስን፡ ሃገር ናይ ምሕያል ዓቕምና

ንምሕያልን፣ ህዝብና ሰላም ረኺቡ ናብ ተሃድሶን ዳግመ ጥየሳን መደባት ከተኰር የድሊ።

ናይ ተሃድሶን ዳግመ ጥየሳን መደባት ብብቕዓት ተሰላሲሎም ንህጹጽ ኩነታትና ብኣድማዕነት መታን ክገጥምዎ፣ ብጀካ ሰላም ምስፋንን ኩሉ ዓ ቕምና ናብ ቁጠባ ምውፋርን፡-

- ውሽጣዊ ዓቕምን ኣወዳድባን ክጸፍፍን ክሕይልን፣
- ሲቪላውያን ማሕበራትን ሃገራውያን ዘይመንግስታውያን ውድባትን ክቖማን ክተባብዓን፣
- ኣብ ቁጠባ፣ ግላዊ ተበግሶን ውድድርን፣ ናጻ ዕዳጋን ናጻ ዋጋን ክተባባዕ፣
- ሕቶ መሬት ዓቢ ቅልውላው ፈጢሩ ስለ ዘሎ፣ ህዝቢ ርኢቶታት ሂቡሉ ብክኢላታት ተጸኒዑ ህጹጽ ፍታሕ ክግበረሉ።
- ናይ ማህበራዊ ውሕስነትን ናይ ጡረታን ሕግን መደብን ወጺኡ ብዝቐልጠፈ ክትግበር፣
- ናይ ዜጋታት ካብን ናብን ኤርትራን ወጻእን ናይ ምንቅስቓስ መሰል ክኸበር፣
- ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክኣትዉ ንዘይክኣሉ ተመሃሮ ሞያዊ ስልጠናታት ክወሃቦምን፣ ንዕኦምን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንዘለዉን ናይ ወጻኢ ናይ ማህደረ ትምህርቲ ዕድል ክኸፈተሎምን፣
- ናይ ተመሃሮ መደብ ክረምታዊ ማእቶት ኣፍራይን ኣድማዕን ስለ ዘይኰነ ክግምገም፣
- ብዘይ ፍርዲ ንነዊሕ ዝተኣስሩን ተቐይዶም ሃለዋቶም ዘይተፈልጠን ዜጋታት ኣብ ፍርዲ ክቐርቡ ወይ ናጻ ክልቀቑ፣ ስጉምቲ ዝተወሰደሎም እንተለዉ ከኣ ቤተሰቦም ክሕበሩ፣
- ናይ ትሑት ዝእቶቶም ዜጋታት ናይ መምሃሪ፣ ኣባይትን ዋጋ ክራይን ሽግራት ንምቅላል፣ ፍሉይ ኣካል ቆይሙ፣ ብደገፍ ናይ ግዳም ትካላትን መንግስታትን ናይ ትሑት ዝዋግኡ ኣባይቲ ምስራሕ መደብ ክትሓዝ፣
- ናይ ውሽጣዊን ግዳማዊን ጸጋታትን ሃብቲታትን ቅኑዕን ርትዓዊን ኣድማዕን ኣጠቓቕማ መታን ክወሓስ፣ ዘገድሶም ትካላትን ቅኑዓትን ኣሳተፍትን ቅጥዕታትን ብምውሳእ፣ ብሃገራዊ ባይቶ ዝጸደቐ ሃገራዊ ባጀትን ናይ ልምዓት መደባትን ክወጽእ፣
- ናይ ግዳም ደገፍ ብዝለዓለ ደረጃ ንምኽሳብ ሓባራዊ ረብሓ ናትናን ናይ መሻርኽትን ዝሕሉን ዘቐድምን ሜላ ክድፍኣሉ ከድሊ ኢዩ።

ጥዑይ ውድድር ኣብ መትከላት ዕዳጋ ንምርግጋጽን፣ ውሽጣዊን ግዳማዊን ግላዊ ክፋል ንምትብባዕን፣ ዓብላልነት ህግደፍ ኣብ ቁጠባ ሃገር ከም ዘብቅዕ ምግባር።

ገንዘብን ንብረትን ህግደፍ ናይ ኩሉ ዝተቓለሰ ህዝቢ ንብረት ስለ ዝኾነን ኣብ መዓላ ግዳያት ኩናት ዝኸኑ፣ ስድራ ስዉኣት፣ ስንኩላን፣ ጥዩሳትን፣ ካብ ምምዝባልን ስደትን ተመለስትን፣ ክውዕል ፍትሓዊ ስለ ዝኾነን ስለዝግባእን፣ ፊናንሲያዊ ምጽብጻብ ተጌሩሉን ካብ ህግደፍ ወጻኢ ናጻ ዝኾነን ብክኢላዊ ዓቕሚ ዝመሓደርን ሓደ ማዕከን (trust) ቆይሙሉ፣ ኣብ ስራሕ ብኣፍራይ ኣገባብ ክዋፈር ከድሊ ኢዩ። ኣብ መድረኽ ቅዋማዊ ስርዓት፣ ህግደፍ ከም ፖለቲካዊ ሰልፊ ወይ ሰልፈታት ክዋሳእ እንተ ደልዩ፣ ካብ ቢዝነስ (ቀጠባዊ ንጥፈት) ክወጽእ ስለ ዘለዎ፣ እቲ ማዕከን (ትራስት) ናጻ ኰይኑ ክቐውም ናይ ግድን ይኸውን።

3. <u>*ጥዑይ ምሕደራ፣*</u>

ኣብ ተመክሮ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፣ ኣብ ቢሮክራሲያዊ ስርሓት መንግስትን ናይ ኣደ ቋንቋ ምስግዳድ ኣብ ገሊኡ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርትን ጸገም ክፍጠር ስለ ዝጸንሐን፣ ናይ ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ምጥቃም ብዝያዳ ክሸግር ስለ ዝኾነን፥

- ወግዓዊ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ምውሳን ኣገዳሲ ይኸውን፣
- ናይ ህዝቢ ስምዒታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ወግዓውያን ቋንቋታት ኤርትራ ትግርኛን ዓረብን ክኾና ኣለወን ዝብል ርእይቶ ኣሎና፣
- ህዝቢ ግን ነዚ ርእይቶ'ዚ ክመያየጠሉን ክውስንን ኣለዎ ንብል፣
- ኣብ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ናይ ኣደ ቋንቋ ምስግዳድ ክተርፍ፣ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ቋንቋኡ ናይ ምጥቃም መሰሉ ግን ሕሉው ይኸውን።

ብዙሕ ናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ጸገማት ንምፍታሕን፣ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ክመሓደር ስለ ዘለዎን፣ ብመንግስቲ ዝግበር ሕርያ ተሪፉ፣ ኣብ ኩሉ ጽፍሒ ምምሕዳር ክሳብ ደረጃ ዓድን ከባቢን፣ ህዝቢ ኣመሓደርቱ ክመርጽ።

4. <u>*ቅዋማዊ መንግስትን ዘድልዮ ምቅርራባትን፣*</u>

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ ልኡላዊት ሃገር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት (ምትሕልላፍ ስልጣን ናብ ህዝቢ) ትሰጋገር ስለዘላን፣ ናይ

10 ዓመታት ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ መድርኽ ተሓሊፉ ስለ ዝኾነን፣ ንድሕሪ ሕጂ ጸገማት ዝፈጥር'ውን ክኸውን ስለ ዘይብሉን፣ እዚ ምስግጋር'ዚ፣ ሓቀኛ፣ ዲሞክራሲያዊን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዘሳትፍ መታን ክኸውን፣ ብህግደፍ ዘይዕብለልን ሓባራዊ መረዳእታን ዕግበትን ዝህልዎን ክኸውን የድሊ።

መንግስቲ፣ ፖለቲካዊ ኣረኣእይኦምን ንመንግስትን ህግደፍን ክድግፉ ይጽንሑን ኣይጽንሑን ብዘየገድስ፣ ሉኣላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ኣሚኖም፣ ንቅዋም (ኣብኡ ዕቃበታት እንተልዩዎም ብሕጋዊ መገዲ ንምምሕያሹ ዕድል ከም ዘሎ ተረዲኦም) ተቐቢሎም ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ክዋስኡ ቅሩባት ንዝኾኑ ኩሎም ኤርትራውያን ዜጋታት ክጽውዕ የድሊ።

ደገፍትን ተቓወምትን ህግደፍ ዝኾኑ ዜጋታት፣ ንሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፊታትን ንሕጊ ምርጫን ክመያየጡሉን ርእይቶታቶም ክህቡሉን፣ ብመሰረት ድሕሪ ሕጂ ዝጸድቕ ሕግታት ድማ፣ ፖለቲካዊ ሰልፊ ናይ ምምስራትን ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ተሳቲፎም ንሃገራውን ዞባውን ባይቶታት ናይ ክመርጹን ክምረጹን መሰሎም ክሕለወሎም የድሊ። ቅድሚ ሃገራዊ ምርጫ ምክያዱ ፖለቲካዊ ሰልፊታት ንክነጥፉ ምቹእ ኩነታት ክፍጠረለን የድሊ።

ሃገራዊ ምርጫ ናጻን ርትዓዊን መታን ክኸውን፣ ናይ መላእ ህዝቢ ተሳትፎ ዘረጋግጽን ዘዕግብን ክከውን፣ ደጋፍን ተቓዋሚን ብዝሰማምዓሉ ናይ ውድድር ሕጊ ክፍጸም፣ ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፊታት ቀይዲታት ዘይበዝሖ ክኸውን፣ ሕጊ ምርጫ ድማ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ብናይ ሓባራዊ መረዳእታ (consensus) ክጸድቕ ይግባእ።

ብተወሳኺ፣ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ክኽበር፣ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክፈርስ፣ ሕጊ ፕረስ ብመንፈስ ቅዋም ክመሓየሽ፣ ናጽነት ፍርዳዊ ኣካልን መራኸቢ ብዙሓንን ክሕሎ፣ ኮሚሽን ምርጫ ናጻን ዘይሻራዊትን ኰይና ክትቀውም፣ ብህዝቢ እተመርጸ ኣካላትን፣ ሃገራውያን ሲቪላዊ ማሕበራትን ዕዱማት ወጻእተኛታትን ንሃገራዊ ምርጫ ብሓባር ክዕዘቡ፣ ከምዝኸውን ክግበር የድሊ። ነዚ ኩሉ ንምትግባር ዘድሊ ግዜ ከኣ ብጭቡጥ ሰሌዳ ተሓንጺጹ ክትግበር ይግባእ።

*<u>መደምደምታ፣</u>*

ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ኣገዳስን ተኣፋፍን መድረኽ ኣትያ ትርከብ። እዚ መድረኽ'ዚ ኣገዳሲ ቀለቤት ኣብ መንጎ ናይ ዝሓለፈ መሰጋገሪ እዋን ሕሉፍ ተመክሮን፣ መላእ ህዝቢ ኣቋሚቱ ዘማዕድዎ ዘሎ ቅዋማዊ መጻእን

ኢዩ። ኣብዛ እዋን'ዚኣ ዝህሉ ኣተሓሕዛ ናይ ጉዳያት ከኣ፣ ቅኑዕ ምስግጋር ናብ ራህዋ ዘበስር ስርዓት፣ ወይ ከኣ ግጉይ ምንሽርታት ናብ ርግኣትን ፍትሕን ዝዕንቅፍ ኩነታት፣ ዘምርሕ፣ ወሳንን ፈታንን መስርሕ ኽኸውን ኢዩ።

ኣብ ገምጋም ዝሓለፈ ተመክሮ፣ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ክህሉ ባህርያዊ ከም ዝኾነ መጠን፣ ኣብ ድሌታትን ሃንቀውታታትን መጻኢ'ውን ፍልልያት ክህሉ ትጽቢት ክግበረሉን ምጽውዋር ክህሉን ዝሓትትዩ።

ንሕሉፍ ተመክሮ ብወድዓዊ መንገዲ ኣብ ምግምጋም፣ ካብ ኣወንታዊ መዳያት ጥራይ ዘይኮነ፣ ብዝያዳ'ኳ ድኣ ካብ ኣሉታዊ መዳያት ብዙሕ ትምህርቲ ስለ ዝቐሰም፣ ህዝቢ ብኽፉት ክመያየጠሉን ርእይቶታቱ ዝገልጸሉን ኽኸውን ኣገዳሲ'ዩ።

ዝተፈላለየ ናይ መጻኢ ድሌታትን ሃንቀውታታትን ምህላው፣ ንናይ ህዝቢ ናይ ኣማራጺታት ዕድል የግፍሕን የስፍሕን እምበር፣ ናይ ግድን ናብ ምግምማዕን ህውከትን የናቑት ማለት ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ፣ ህዝቢ ብናጻን ርትዓዊን መንገዲ ድሌቱ ክመርጽ ዕድል ክወሃቦ ስለ ዘለዎ፣ ድሌትን ውሳኔን ህዝቢ ክኽበር ኣለዎ ማለት ኢዩ።

ህዝቢ ሰላም ረኺቡ፣ ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት'ውን እንተሎ፣ ከም ወትሩ ሓድነቱን ሉኣላውነት ሃገሩን ሓልዩን ኣትሪሩን፣ ንቡር ሂወቱ ክሰርዕን፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማቱ ንምፍታሕ ዝሕግዞን ምቹእ ሃዋህው ዝፈጥረሉን ቀዋማዊ ስርዓትን ጥዑይን ፍትሓዊን ምሕደራን ክተክል ይደሊ።

ሰላም፣ ምእንቲ ሰላም ሰሪሕካን ከም ብሌን ዓይንኻ ሓብሒብካን እምበር፣ ብዋዛ ኣይትርከብን። ሓድነት ህዝቢ፣ ኣብ ድሌት፣ ማዕርነት፣ ተሳታፍነትን ምሻራኽን ይድልድል'ምበር፣ ብጭርሖ፣ ብምጭዳር፣ ብምጉብዕባዕን ብሰልበጣን ኣይመጽእን። ልኡላውነት ሃገር ዝሕሎን ኣድማዒ ዝኸውንን፣ ኣብ ፍቕሪ ሃገርን ዕግበት ምሕደራን ተወፋይነት ዝድርኽ ፍትሕን እምበር፣ በስገዳድን፣ እምነትን ተገዳስነትን ብዘዳኽም ኣገባብን ኣይከውንን። ህዝቢ ንነዊሕ ግዜ ጥሜትን ሽግርን ክጻወር ይኽእል። ፍትሕን ጽቡቕ ምሕደራን ተነፊጉ ግን ንነዊሕ ክጽመም ኣይክእልን። ምኽንያቱ፣ ፍትሕን ጽቡቕ ምሕድራን እንተዘይሃልዩ፣ ካብ ጥሜት፣ ሕማም፣ ድኽነት፣ ድንቁርናን ውግእን ክገላገል ከምዘይክእል ስለዝፈልጥ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ተቓወምቲ ኣባላት ባይቶ